# ኣብ መደብ ክረምታዊ ማእቶት ዝሳተፉ ተመሃሮ ዞባ ማእከል ሎሚ ነናብ ዝተመደብሉ ከባቢታት ተበጊሶም።

------------0------------

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ክረምታዊ ማእቶት ዝሳተፉ ተመሃሮ ዞባ ማእከል ሎሚ ንግሆ ነናብ ዝተመደብሉ ከባቢታት ካብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ተበጊሶም። ወለዶምን ፈተውቶምን ድማ ኣብቲ ቦታ ተረኺቦም ኣፋንዮሞም።

እቲ ማእቶታዊ መደብ ንኣስታት 30 መዓልታት ዝካየድ ኮይኑ ኣብ መደባት ምግራብ፣ ምዝላይ፣ ምጽጋን ዲጋታት፣ ምድፋን መራብሒ ጣንጡ ዝኾነ ጎዳጉዲ፣ ሕርሻ ባሕሪ፣ ምዝርጋሕ መገዲ ባቡር፣ ምስራሕ ጀላቡ፣ ምጽጋን ጽርግያታትን ንብረትን ከምኡ እውን ኣብ ምእካብ ሓበሬታን ሰነዳን ካልእ ናይ ኣብያተ ጽሕፈት ስርሓትን ክሳተፉ እዮም።

ኣብዚ ን7ይ ግዜኡ ዝካየድ ዘሎ ናይ ሎሚ ዓመት መደብ ክረምታዊ ማእቶት ልዕሊ 30 ሽሕ ተመሃሮን 14 ሽሕ ኣለይቶምን ከም ዝሳተፉ ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ክረምታዊ መደብ ስራሕ ኣቶ ሃብተኣብ ገሃድ ገሊጹ።

ኣብቲ ዝሓለፈ ዙርያታት ናይ ክረምታዊ ማእቶት ተማሃሮ ኣድማዒ ስራሕ ከምዝሰርሑ፣ ከምውጽኢቱ ድማ ፣ኣብ ሓደ ሓደ ዋሕዲ ዝናብ ዘጋጠሞ ከባቢታት ገዲፍካ፣ ኣግራብ ዘይነበሮ ብዙሕ ከባቢታት ብግራብ ተሸፊኑ ከምዘሎ ኣቶ ሃብተኣብ ብተወሳኺ ገሊጹ።

ንሱ ኣስዒቡ ነቲ መደብ 30 ሚልዮን ናቕፋ ባጀት ተሰሊዕሉ ከምዘሎ ብምሕባር ብምግቢ ይኹን ብመድሃኒት ዘድሊ ምድላዋት ተገይሩ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ኣብዚ ናይዚ ዓመትዚ መደብ ተማሃሮ ኣብ ዘዞባኦም ክምደቡ ከለዉ፣ ተማሃሮ ዞባ ማእከል ግን ምስ ብዝሒም ተራእዩ ናብ ካልኦት ዞባታት ከምዝንቀሳቐሱ ተገይሩ ኣሎ።

******ኢ.ዜ.ኤ******